ቤት ፅሕፈት ማይ ግልጋሎት ከተማ ማይጨዉ ንቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፈላለየ ናይ ትቦታትን መገጣጠምንብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ነሓሰ 26, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 5, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 5, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

በዚ መሰረት ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ንዘተማልኡ ሕጋዉያን ነጋዶ ከጫርት ይዕድም

1 ቫት ተመዝገበቲ ክትጫረቱ ትክእሉ

2 ናይ ዘመኑ ንግዲ ፍቓድ ዘሐደሰን ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኽፈለን መረጋገፂ ዘቅርብ

3 ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ቲን ተመዝጋቢ ምኼኑ መረዳእታ ዝቅርብ

4 ናይቶም ንብረት ዝርዝር ጨረታ ሰነድ ዝሕዘ ንምዉሳድ ዘይምለስ ብር 30 (ሰላሳ ብር) ብምክፋል ካብ ዕለት 25/12/2008 ዓ ጀሚሩ ካብ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምር ቢሮ ቁፅሪ 1 ብምዉሳድ ዋንኡን ፎቶ ኮፒ ናይ ጨረታ ሰነድ አብ ምእሻግ ናይ ተጫረቲ ሽምን ፊርማን ማሕተምን ብምዕራፍ አብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታዉ ይከኣል

5 ጨረታ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን ብስክርቢቶ እምበር ብእርሳስ ክፅሓፍ የብሉን

6 ጨረታ ተጠቂዑ ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 25/12/2008 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 05/01/2009 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ይኸዉን

7 እቲ ጨረታ ዕለት 05/01/2009 ዓም ሰዓት 6:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም አበ ዝተረከብለ አብ ከተማ ማይጨዉ ይክፈት

8 ኣብቲ ጨረታ ንምርካብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ተጫረቲ ብቁዕ ምኽንያት ኣቐዲሙ እንተቕሪቡን ናይ ጨረታ ረቋሒ አሚሊኡ እንተሊኡኹን ክኸፈት ይክእል

9 ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ተጫረቲ ምኽበሪ ጨረታ ብር 5000 /ሓሙሽተ ሽሕ/ ብጥረ ገንዘብ ወይ CPO የትሕዙ

10 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓረዎ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ 10% መኽበሪ ዉዕሊ ብጥረ ገንዘብ የትሕዝ

11 ሰዓርቲ ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንበረት ካብ ዕለት 20/01/2009 ዓ/ም በናይ ባዕሎም መጓዓዓዚ ናብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቕረብ መስተ ማይ ከተማ ማይጨዉ ንበረት ክፍሊ አታዊ ይገብሩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ሙሉእ ብምሉእ ክሳብ እቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ኣታዊ እንተዘይገበሩ ንምኽበሪ ዘትሐዝዎ ገንዘብ ብቕፅዓት ናብ መንግሰቲ ካዝና ኣታዊ ይግበር

13 ክፍሊት ብዝምልከት ድማ ንበረት ምስ ኣረከቡ ሒሳቦም ሙሉእ ብምሉእ ብሓደ ግዜ ይኽፈል

14 አብ ዝቕርብ ንብረት ወካሊ መርኣያ ወይ ሳምፕል ከቕርብ አለዎ

15 ቤት ፅሕፈትና ተጫረቲ ኦርጅናል ዘይኾነ ንብረት እንተቕሪቦም ናይ ምምላስ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

16 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

17 እቲ ቤት ፅሕፈት 20% ናይ ምዉሳኽ ናይ ምቅናስ መሰል አለዎ

18 ጨረታ ንምዝባዕ ንምርባሽን ዝፈተነ እቲ ቤት ፅሕፈት ብቕጥታ ካብ ጨረታ የባርር እዩ

19 ተወዳደርቲ ድሕሪ ምሸናፎም ጨረታ ጥርዓን ናይ ምቅራብ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ

Â 20 ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቕፅሪ ስልኪ 09 14 09 69 82 ወይ ከዓ 03 47 77 02 01 ኹሉ ግዜ አብ ስራሕ ሰዓት ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle